# ሻሎም 9

<<እግዚኣብሄር - ንልቦም እተሰብሩ ይፍውስ ፡ ነቑሳሎም ይዝንን ።>> *መዝ* 147፥3

**ዓምዲ ጸሎት**

<u>ንእግዚኣብሄር ምጽባይ</u>

<u>እብ 6፥11</u> << ነቶም ብእምነትን ብትዕግስትን ነታ ተስፋ ዚወርስዋ ምእንቲ ኸትመስልዎም እምበር ፡ ድንዙዛት ከይትኾኑስ ፡ ነፍሲ ወከፍኩም ክሳዕ መወዳእታ ንምምላእ ተስፋኡን ንምጽንዓን እዚ ትግሃት እዚ ኼርኢ ፡ ንደሊ ኣሎና ። >>

እዛ ጥቕሲ ነቶም ሰብ እብራውያን እተጻሕፈት እያ ። እዞም ሰብ እብራውያን ተብሂሎም ዘለዉ ኣመንቲ ፡ ንቕዱሳን ብዙሕ ዘገልገሉ ጽቡቕ ግብሪ ዝነበሮም ሰባት ፡ ምስ ኅይታ ንሓያለ ዓመታት እተመላለሱ ፡ ንስሙ ዝገበርኩምዎ ፍቕሪ ዝርስዕ ገፋዒ ኣምላኽ ኣይኮነን ተባሂሉ እተመስከረሎም ፡ ብዘይካ እዚ ድማ ካልእ ብብዙሕ ጽቡቕ ነገር እተመስከረሎም ሰባት እዮም ። እምበኣርሲ ነዞም ሰባት እዩ እቲ መልእኽቲ ፡ ነቶም ብእምነትን ብትዕግስትን ነታ ተስፋ ዚወርስዋ ምእንቲ ኸትመስልዎም እምበር ድንዙዛት ከይትኾኑስ ፡ እናበለ ዝዛረቦም ዘሎ ፡ ነዞም ብዙሕ ብጽቡቕ እተመስከረሎም ሰባት እዩ <u>ድንዙዛት</u> ከይትኾኑ ዝብሎም ዘሎ ። ንኣና ናይዚ ጊዜ ኣመንቲ ደኣ እንታይ እዩ ኾነ እቲ መልእኽቲ ፧ ንሱ ኾይኑ እቲ መልእኽቲ ብዚበልጸ እዩ ንኣና ዝምልከት ::

ኣብቲ መልእኽቲ ፡ ድንዙዛት ከይትኾኑስ ብእምነትን ብትዕግስትን ነታ ተስፋ ክትወርስዋ ይብል ። ክልተ ነገራት እዩ ጠቒሱ ዘሎ ፡ እምነትን ትዕግስትን ። መጽሓፍ ቅዱስ ብዙሕ ጊዜ እዩ ክልተ ነገራት ብሓንሳብ ዚጠቅስ ፡ ንኣብነት ሰብኣይን ሰበይትን ፡ ጺጋን ሓቅን ፡ ፍቕርን ለውሃትን ። ብዘይካ እዚ እውን ክልተ ብሓንሳብ እተፈጥሩ ኣለዉ ፡ ንኣብነት ክልተ ኣእጋር ፡ ክልተ መንፈርፈር ኣዕዋፍ ፡ እወ እዚ ክልተ ብሓንሳብ እተጠቕሰ ክፈላለ ኣይክእልን እዩ ። ሓደ ካብቲ ሓደ እንተፈለኻዮ ሳዕቤኑ ቀሊል ኣይኮነን ። ስለዚ እዩ ኸኣ ጎይታ ብዛዕባ ሰብኣይን ሰበይትን ክዛረብ ከሎ ደጊም ሓደ ስጋ እዮም እምበር ክልተ ኣይኮኑን ነቲ ሰብ ዘጋጠሞ ሰብ ኣይፍለዮ ኢሉ እተዛረበ ፣ማቴ19፥6 ። እወ እዚ ክልተ ሓደ እምበር ክፈላለ ዘይክኣል እዩ ። ናብቲ መልእኽትና እንተ ተመልሰና እውን ፡ እምነትን ትዕግስትን ክፈላለ ኣይክእልን እዩ ። እንተ ኣሚንካ እኹል እዩ ዝብሉ ኣይተሳእኑን ፡ ግናኸ ክርስትና ምእማን ጥራይ ከም ዘይኮነ ኣብዚ ጥቕሲ ተገሊጹ ኣሎ ። ኣብ ክርስትና ምእማን ጥራይ ኣይኮነን ዘድሊ ኣብቲ ምእማን ውን ትዕግስቲ ክህልዎ ኣለዎ ፡ እንተዘይኮነስ ድንዙዛት ክንከውን ኢና ። ከምቶም ነታ ተስፋ ዚወርስዋ ምእንቲ ክንመስሎም እምበር ድንዙዛት ከይንኸውንሲ እምነትን ትዕግስትን እዩ ዘድልየና ። ኣብ ምሳ27፥18 ከምዚ ይብል <u><<ንበለስ ዚከናኸን ፡ ፍሬኡ ይበልዕ ፡ ንጎይታኡ ዚከናኸን ከኣ ይኸብር >></u> ፣ ንጎይታኡ ዚከንኸን ማለት ንጎይታኡ ዚጽበ ማለት እዩ ። ንጎይታ ዚጽበ ይኸብር እዩ ። ኣብርሃም ነቲ ጎይታ ዚሃቦ ተስፋ ምስ ተቐበለ ንዕስራን ሓሙሽተን ዓመት ብእምነትን ብትዕግስትን ምስ ተጸበየ ንተስፋኡ ጨቢጡ ፡ ዮሴፍ እውን ነቲ ዝርኣዮ ራእይ ምስ ርኣየ ንዓሰርተ ሸውዓተ ዓመት ብእምነትን ብትዕግስትን ምስ ተጸበየ እዩ ናብ ንግስነት መጺኡ ። ሎሚ ግና ዝኾነ ሰብ ነቲ ዝደለዮ ቀልጢፉ ክረኽቦ እዩ ዚደሊ ፡ ትዕግስቲ ጌሩ ክጽበ ኣይደልን እዩ ፡ ንዝኾነ ነገር ብሃወኽ እዩ ዝደልዮ ። ኣረግ ቁሩብ መጽናዕቲ ኣይወስድን እዩ ። ተሃዊኽካ ዝገበርካዮ ከጣዕሰካ ከሎ ብኻ ቁሩብ ጸኒሐ ኢልካ ኢኻ ትሓዝን ።

ኣብ 1ጴጥ5፥6 ቃል ኣምላኽ ከምዚ ኢሉ ይምዕደና <u><<ደጊም ብጊዜኡ ንሱ ልዕል ምእንቲ ኼብለኩም ፡ ኣብ ትሕቲ እታ ጽንዕቲ ኢድ ኣምላኽ ትሕት በሉ ። >></u> ኣብ ኣምባቆም 2፥1,2 ከምዚ ይብለና << <u>ኣብቲ መሓለውየይ ደው ክብል ብርግጽ.. ክመጽእ ኣይኪድንጉን ድማ እዩ እሞ ፡ እንተ ደንጎየ እኳ ተጸበዮ ።</u> >> እግዚኣብሄር ኣብቲ ምዱብ ጊዜኡ እዩ ዝህበና ፣ የሱስ ናብዚ ዓለም ኣብ ምዱብ ጊዜኡ እዩ መጺኡ ሓንቲ ደቒቕ ኣይደንጎየ ኣይቀልጠፈ ። ጎይታ ኣብ ምዱብ ጊዜኡ ክረድኣና እዩ ፡ እቶም ምንቕቓሕ ናይዛ ምድሪ እንጽበ ኣብ ምዱብ ጊዜኡ ጎይታ ክገብሮ እዩ እሞ ደጊም ብጸሎት ተጊህና ብእምነትን ብትዕግስትን ንጎይታ ንጸባበዮ ፡ በዚ ውን ብኹሉ ንቑሓት እምበር ድንዙዛት

ኣይክንኸውንን ኢና ። ክብሪ ኹሉ ንእግዚኣብሄር ይኹን ፣ ጐይታ ኣዕዚዙ ይባርኽኩም ። <> <> <>

## ዓምዲ- ቃል ኣምላኽ

<u>እግዚኣብሄር ዕጽፍን ካዕበትን ዝህብ ኣምላኽ እዩ ፣</u>

ሓደ በዓል ዋኒን ንሰራሕተኛኡ ብዝሰርሖ ስራሕ ብገምጋም ክንድዚ እዩ ዝግብኦ ኢሉ እዩ ነቲ ሰራሕተኛኡ ዓስቡ ዝህቦ ፣ ካብኡ ንላዕሊ ግና ኣይህቦን እዩ ። እግዚኣብሄር ግና ዓስኻ ጥራይ ዘይኮነስ ዕጽፍን ድርብን ጌሩ ዝኸፍል ኣምላኽ እዩ ፣ ኣብ ምሳ 23፣17-18 ከምዚ ይብል <<ብርግጽ ዓስቢ ኣሎ ትጽቢትካ ከኣ ከንቱ ኣይክኸውንን እዩ እሞ ልብኻ ኹሉ መዓልቲ ፍርሃት እግዚኣብሄር ይሃልዋ ደኣ እምበር ብሓጥኣተኛታት ኣይትቕናእ ፣>>

እቲ ንእግዚኣብሄር ዝጥምት ሰብ ዓስቢ ኣለዎ ። ብሓቂ እምነትና ከምዚ እንተኾይኑ ደኣ ኣዒንትና ናበይ ይጥምታ ኣለዋ ፤ ብሓቂ ናብ ከምቲ ዳዊት ኣብ መዝ 121፣1 ኣዒንተይ ናብ ኣኽራን ኤልዕል ኣለኹ ረዲኤተይ ካበይ እዩ ዚመጽኒ ፤ ዝበለ ናብ ኣኽራንዶ ንጥምት ኣሎና ፤ ዳዊት እንታይ ስለዝደለየ እዩ ከምዚ ኢሉ ፤ ረዲኤት ዝደሊ ሰብ መብዛሕትኡ ጊዜ ናብ ላዕሊ እዩ ዝጥምት ሙሴ ኣብ ዝጓዓዘሉ ዝነበረ ኣብ ውግእ ከይተረፈ ኣእዳዉ ንላዕሊ ይገብር ነይሩ ኩሉ ጊዜ ኣእዳዉ ንላዕሊ ዝገብር ሰብ ኣይክእልን ስለዚ ኣባኻ ይወድቕ ኣለኹ እዩ ዝብል ፣ እቲ ውግእ ድማ ጠጠው ይብል ጸላኢኻ ኢዱ እንተዘይ ኣልዒሉ ክትማርኾ ኣይትኽእልን ኣይትኽእልን ኢኻ ፣ ኢዱ ንላዕሊ እንተኣልዒሉ ግና ተሳዒረ እዩ ዝብል ዘሎ ስለዚ ኢድካ ንላዕሊ ምልዓል ከምዚ ትርጉሙ ካብ ሃለዎ ፣ ሙሴ ድማ ኣእዳዉ ንላዕሊ ከልዕል ከሎ ሓይሊ ወይ ረዲኤት ካብ ላዕሊ ከምዝቕበል ዘሎ እዩ ዘርእየና ።

ኣብ ዮሃንስ 14፣1 ጎይታ የሱስ <<ልብኹም ኣይሸበር ብኣምላኽ እመኑ ብኣይ እውን እመኑ>> ይብል ፣ ተስፍኡ ኣብ ዓለም ኣብ ሰባት ኣብ ገንዘብ ዝገብር ሰብ ብዝኾነ ዓይነት ስዒሩ ወይ ተዓዊቱ ኣይፈልጥን ስለምንታይ ይመስለኩም ፣ ናይ ሰባት ነገር ምናልባት ሓንሳብ ክልተ ሳብ ይገብር ይኽእል ካብኡ ወጻኢ ግን ክጸርፈካ እዩ ዝርከብ ። ስለዚ ከምዚ ኣብ ቃሉ ልብኹም ኣይሸበር ኢሉና ዘሎ ካብዚ ፍትወት ዓለምን ካልእን ተኣሊና ናብ እግዚኣብሄር እናጠመትና በቲ መገዲ እናተጓዓዝና ብሓቂ ዓስቢ ኣሎና ፣ የሱስ ጎይታ እዩ ። ኢሰ 43፣1 ሕጂ ግና ኣታ ያእቆብ እቲ ዝፈጠረካ ኣታ እስራኤል ድማ እቲ ዝደኮነካ እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ተበጀየካ እየ እሞ ኣይትፍራሕ ፣ ስለዚ ተበጃዊና እግዚኣብሄር ስለ ዘሎና ክንፈርሕን ክንጠራጠርን ልብና ክንሸበርን ናብ ዘየድሊ መገዲ ክንኸይድ ኣይግባእን ፣ ኢሰ44፣1-2 ። ጥራሕ ብምሉእ ልብናን ሓሳብናን ናብ እግዚኣብሄር ክንትምት ኣለና ፣ ኣብ ምሳ4፣23 ህይወት ካብኡ እያ እትፍልፍል እሞ ልዕሊ ኹሉ ንልብኻ ሓልዎ፣ ይብለና ፣ ስለዚ ካብቲ ዘየድሊ መገዲ ህይወት ዘይህብ ጉዕዞ ካብቲ ዘይሃንጽ ዘበለ ክንእለ ኣሎና ። ብምሉእ ልብና ናብ እግዚኣብሄር ክንትምት ኣሎና ።

ሰብ ብዙሕ ይሓስብ ብዙሕ ይዛረብ ብዙሕ ይትምነ ፣ እቲ ዝፍጽም ግና እግዚኣብሄር እዩ ። ከምቲ ንስኻ ትሓስቦን ትደልዮን ዘይኮነ ዕጽፍን ድርብን ዝገብር እዩ ። ኢሰ55፣6 እምበኣርስ ከምቲ ቃሉ ንእግዚኣብሄር በቲ ዝርከበሉ ጊዜ ንድለዮ ዳሕራይ መገድና ምስ ስሓትና ከምቲ ኮይኑ ኢልና ካብ ነትረምርም ። ኣብ ኢሰ 55፣12 ዘሎ ብሓጎስ ክትወጹ ብሰላም ድማ ክትስነዩ ኢኹም ኢሉና ኣሎ። እሞ እዚ ኩሉ ተስፋታት እንተሎና ደኣ ንምንታይ ንጭነቕ ፧ መጀመርታ መንግስቲ ኣምላኽን ጽድቁን ድለዩ እዚ ኩሉ ድማ ይውሰኸልኩም ኢሉና ኣሎ ማቴ 6፣33 ። እዚ ኩሉ ብእኡ እዩ ዝከውን ፣ ስለዚ ህይወትና እናተጠንቀቕና ንጎይታ እናጠመትና በዚ ክንጉዓዝ ይግባእ ። <<ብርግጽ ዓስቢ ኣሎ ትጽቢትካ ከኣ ከንቱ ኣይክኸውንን እዩ እሞ ልብኻ ኹሉ መዓልቲ ፍርሃት እግዚኣብሄር ይሃልዋ ደኣ እምበር ብሓጥኣተኛታት ኣይትቕናእ ። >> <> <> <>

---

- ናይ ጸሎት ዋጋ ከይከፈልካ ካብ እግዚኣብሄር ምንቕቓሕ ኣይትጸበ ። (መጽሄት ተዳሎ )
- ጸላያይ ክርስትያን ሓያልዩ ፣ ብነገራት ዙርያኡ ኣይነቓነቕን እዩ ። (ቤንሂን)
- ኣብ ቅድሚ ገጽ ኣምላኽ ምኻን ክንደይ ሰናይ እዩ
- ዝወሓደ ቓላት ኣብ ዘለዎ ዝበለጸ ጸሎት እዩ (ማርቲን ሉተር)
- እቲ ኣዝዩ ዝምብርከኽ ኣብሊጹ ይቐውም ። (ድ.ኤል.ሙዲይ)
- ናይ ገለ ሰባት ጸሎት ብኽልቲኡ ወገን ክቑረጽ የድልዮ ኣብ መጀመርታኡን ኣብ መወዳእታኡን ፣ ኣብ ማእከሉ ድማ ሓዊ ክእጉደሉ ኣለዎ ፣ (ድ.ኤል.ሙዲይ)
- ጽሎት ውርጹጽነት ቃላት ዘይኮነ ናይ ልቢ እዩ ።
- ኩሉ ሓይልና ኣብ ጸሎት እዩ ዘሎ ። (ስፐርጀን)

---

ሰላምን ፍቕርን ምስ እምነት ካብ እግዚኣብሄር ኣቦናን ካብ ጐይታና የሱስ ክርስቶስን ነሕዋት ይኹን ። ምስቶም ንጐይታና የሱስ ክርስቶስ ብዘይሓልፍ ዜፍቅርዎ ኹሎም ጸጋ ይኹን ።

hibret_christians@yahoo.com , South Africa

# ሻሎም #11

« ፍቕሪ ከቶ ኣይተቋርጽን እያ ። » 1ቆረ 13፣8 ።

ዓምዲ ጸሎት

## ጸሎት ምንቕቓሕ

ኣሕዋተይ ፡ ቅድሚ ጸሎት ንምንቕቓሕ ምቕጻልና ፡ ፈለማ ንርእስና ቅዱሳት ናይ ኣምላኽ ክንከውን ዋጋ ክንከፍል ፍቓደኛታት ምዃንና ነረጋግጽ ።

ብተደጋጋሚ ኣብ እንጽልየሉ ፡ እግዚኣብሄር ፤ ምጽላይ ደው ኣብሉ ጸሎትኩም ኣይስማዕንዩ ፤ ክይብለና ዘፍርሃኒ እዩ ። ብሓቂ ፡ ኣምላኽ ጸሎትኩም ደው ኣብሉ ዝብለሉ ጊዜ ኣለዎ ። ሓደ ጊዜ ንእያሱ ወዲ ነዌ ኣገልጋሊ ኣምላኽ ከምዚ ኢልዎ ፡ "ተንስእ ፡ ስለምንታይ ከምዚ ብገጽካ ትድፋእ ፧ እስራኤል ሓጢኣት ገበረ ፡ እቲ ዝኣዝዝክዎም ኪዳነይ ከኣ ኣፍረሱ ፡ ካብቲ ሕሩም ወሰዱ ሰረቑ ኸኣ ፡ ሓሰዉ ድማ ፡ ኣብ ማእከል እቕሓኦምውን ኣንበርዎ ።" እያ 7:10-13 ርኣዩ ። እግዚኣብሄር ንእያሱ ጊዜኻ ኣይተጥፍእ:እዩ ኢልዎ። እዚ እዩ ኸኣ እቲ ዘፍርሃኒ ። እያሱ ክሳብ ነቲ ዘይቅዱስ ነገር ካብ ቤት ኣካን ዝረኽቦ ፡ እግዚኣብሄር ንጸሎት እያሱ ኣይሰምዖን ።

እምበኣርሲ ሎሚ ምጽላይሲ ንጽልይ ንህሉ ኢና ፡ ግናኸ ብምሉእ ልብናዶ ናብ እግዚኣብሄር ንምለስ ኣሎና ፧ እዚ ከምቲ ኣብ 1ሳሙ 7:1-4 ዘሎ እዩ ፡ 'ብዘለዉ ቤት እስራኤል ናብ እግዚኣብሄር ትምለሱ እንተ ዄንኩም ፡ ጓኖት ኣማልኽትን ኣስታሮታትን ካብ ማእከልኩም ኣርሕቑ ፡ <u>ልብኹም ከኣ ናብ እግዚኣብሄር ኣቕንዑ ፡ ንእኡ ጥራይውን ኣምልኹ ፡'</u> ። ይብለና ።

ስለዚ ናብ ዝፋን ጸጋ ክንቀርብ ከሎና ፡ ኣምላኽ ይሰምዓና እንተሎ ነረጋግጽ ። ምናልባት ጐይታ ዘይሰምዓና ክይህሉ ንፍራህ ። ምስቲ ሓውና ዝተፈላለናሉ ነገር ዘይዓረፈ ክይኸውን ። ነቶም ሃብታማትን ጽልዋ ዘለዎም ሰባትን ኣብ ማሕበር ኣብሊጽና ምርኣይና ክይንቃወሞም ኣቤና ። ክሳብ ሕጂ ገዛእ ርእስና ኣየትሓትናን ፡ ኣብ ህይወትና ዘሎ ኣምሰሉነት ጃህራን ኣይተነሳሕናሉን ። ብዝኾነ ዋጋ ፡ ልብና ቅዱሳት ናይ ኣምላኽ ሰባት ክይንኸውን ኣይተመልሰን ። እሞኸ ደኣ ፡ ዓስቢ ጸሎትና እንታይ እዩ ፧ ኣብ መወዳእታ ፡ ጸሎት ካብ ጻድቕ ዝኾነ ሰብ ጥራይ እያ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ብዙሕ እተስልጥ ። ያቆ 5:16 ። ሎሚ ጊዜና ኣስተውዒልና ብቕድስና እናተመላለስና ፡ ኩሉ ተንኮል ፡ ዘይስርዓታዊ ዘበለ ፡ ትሕቲ ዘይምባል ንሓድሕድና ፡ ዓለማዊ ተግባር ዘበለ ኹሉ ካብ ህይወትና ኣርሒቕና ፡ ናብ ጸሎት ንምንቕቓሕ ልብና ንምለስ ። ቃል ኣምላኽ ከምዚ ይብል ፡ "ንሱ ኽሳዕ ዚመጽእ ፡ ጽድቂ ኸኣ ክሳዕ ዜዝንመልኩምሲ ፡ ንእግዚኣብሄር እትደልዩሉ ጊዜ እዩ እሞ ፡ ንኣኻትኩም ብጽድቂ ዝርኡ ፡ ከም መጠን ምሕረቱ ኸኣ ዕጸዱ ፡ ሓድሽ ጽግኢ ጽግኡ ። " ሆሴ 10:12 ።

እምበኣርሲ እዚ ሎሚ እንርእዮ ዘሎና ክሓልፍ እዩ ፡ ጽባሕ ሰናይ ኪኸውን እዩ ፡ ተስፋ ከይቆረጽና ተጸናኒዕና ፡ ንእግዚኣብሄር እንደልየሉ ጊዜ ምዃኑ ፈሊጥና ብምሉእ ልብና ንድለዮ ። ክብሪ ኹሉ ንእግዚኣብሄር ይኹን: ጐይታ ኣዕዚዙ ይባርኽኩም።

<> <> <>

## ኣርእስቲ ጸሎት

ቃል ኣምላኽ ኣብ ማቴ 6:8 : እምበኣርከስ ኣቦኹም ከይለምንኩምዎ : ዜድልየኩም ይፈልጥ እዩ : ይብል ።

ኣምላኽ ንኹሉ ዘድልየና ዘበለ ጌና ከይለምንናዮ ይፈልጦ እዩ ። እዚ ማለት ግን ምጽላይን ምልማንን እየድልየናን እዩ ማለት ኣይኮነን ። ግናኸ ክንጽልይን ክንልምንን ከሎና ነዚ ሓሳብ ሒዝና ክንጽልይ እዩ ዘሎና ። ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ነቲ ዕዉር በርጢሜዎስ ወዲ ጤሜዎስ ኣብ ጥቓ መገዲ ኮይኑ ይልምን ምስ ነበረ : እንታይ ክገብረልካ ትደሊ ኣሎኻ ፧ ኢሉ እዩ ሓቲትዎ ። (ማር10:46-52 ) ። በርጢሜዎስ ከኣ : ረቡኒ : ክርኢ : በሎ ። እምበኣርሲ ጐይታ ነቲ እንደልዮ ዘበለ ፈሊና ክንነግሮ እዩ ዚደሊ ። ስለዚ እዩ ኸኣ : ዚልምን ዘበለ ይቕበል : ዚደሊ ይረክብ : ማዕጾ ዃሕዃሕ ንዘበለ ውን ይኽፈተሉ እዩ እሞ : ለምኑ ኺውሃበኩም : ድለዩ ኽትረኽቡ ኢኹም : ማዕጾ ውን ኳሕኳሕ ኣብሉ : ኪኽፈተልኩም እዩ : እብለኩም ኣለኹ : ይብል ። (ሉቃ11:9-10) ።

ናይዛ ወርሒ ኣርእስቲ ጸሎትና እዚ እዩ :-

1. **ኣምላኽ መንፈሱ ኣብ ህዝቡ ከፍስስ : ገጽ እግዚኣብሄር ንድለ ።**
   ኢሰ 44:3-5 : ማይ ኣብቲ ጽሙእ : ወሓይዝ ከኣ ኣብቲ ንቑጽ ኽፍስስ እየ : ,መንፈሰይ ኣብ ዘርእኻ : በረኸተይ ከኣ ኣብ ሓድግኻ ኽፍስሶ እየ እሞ : ከም ዕቦል ኣብ ጥቓ ወሓዚ ርባ : ኣብ ማእከል ሳዕሪ ኺበቝሉ እዮም ። እቲ ሓደ : ናይ እግዚኣብሄር እየ : ኪብል እዩ : እቲ ሓደ ኻልእ ብስም ያእቆብ ኪስመ እዩ : እቲ ሓደ ድማ : ናይ እግዚኣብሄር : ኢሉ ኣብ ኢዱ ኺጽሕፍ እዩ : ንስም እስራኤል ድማ መጸውዒ ኽብረት ኪገብሮ እዩ ።

2. **ስለ መንግስቲ ኣምላኽ ገጽ እግዚኣብሄር ንድለ ። ኣብ ኩሉ ኺስበኽ ።**
   ማቴ 24:14 : እዚ ወንጌል መንግስቲ ኸኣ ንምስክር ኩሎም ኣህዛብ ኣብ ብዘላ ዓለም ኪስበኽ እዩ : ሽዑ መወዳእታ ይመጽእ ።

3. **ስለ ቃሉ : ብሓይሊ ስልጣኑ ኪንገር : ገጽ እግዚኣብሄር ንድለ ።**
   መዝ 145:11-45 : ግብርታት ሓይልኻ ክቡር ግርማ መንግስትኻን ንደቂ ሰብ ምእንቲ ኼፍልጡ : ክብሪ መንግስትኻ ኺዛረቡ ስልጣንካውን ኪንገሩ እዮም ።

4. **ንኽብሩ ዚገልጽ ፈውሲ ኪኸውን ኣብ ምድርና : ገጽ እግዚኣብሄር ንድለ ።**
   ማቴ 4:23 : የሱስ ድማ ኣብ ኩላ ገሊላ : ኣብ ቤት ጸሎቶም እናመሃረ : ወንጌል መንግስቲውን እናሰበኸ : ኩሉ ሕማምን ኣብ ህዝቢ ዘሎ ኹሉ ድናስን እናሕወየ ይዘውር ነበረ ።

5. **ሰላም ካብ እግዚኣብሄር እዩ : ዘመን ሓጎስን ምስጋናን ክሰደልና : ገጽ እግዚኣብሄር ንድለ ።**
   2ጢሞ2:1-2 'እምበኣርሲ ስለ ኹሉ ሰብ : ብኹሉ ኣምልኾን ምርዛንን ሃዲእና ብዘይ ህውከት ምእንቲ ክንነብርሲ : ስለ ነገስታትን ስለ ኩሎም መኳንንትን ልማኖን ጸሎትን ምህልላን ምስጋናን ኪግበር : ቅድሚ ኹሉ እምዕድ ኣሎኹ ።

6. **ስለ እቶም ዝጸርፉናን ዝሰጉናን : ገጽ እግዚኣብሄር ንድለ ።** ማቴ5:44-45 ።

7. **ኣብዚ ጊዜ እዚ ብፍቕሪ ንሓድሕድና ክንደጋገፍን ክንድንግጽን ክንነቓቓሕን : ገጽ እግዚኣብሄር ንድለ ።**
   'ፍቕሪ ከቶ ኣይተቛርጽን እያ ።'1ቆረ 13:8።

8. **መርገም ዘበለ ካባና ክብተኽ : ብንስሓ ካብ ትሕቲ መርገም ንምውጻእ ንኹሉ ዝቃወመና እናኣሰርና : ገጽ እግዚኣብሄር ንድለ ።**
   ' ኣብ ዕጸይቲ ዚስቀል ዘበለ ርጉም እዩ : ተጽሒፉ ኣሎ እሞ : ክርስቶስ ምእንታና መርገም ኮይኑ : ካብ መርገም ሕጊ ተሻየጠና ።' ገላ 3:13 ።

9. **ስለ ዘሎናዮ ኩሉ ኩነታት ንጐይታ የሱስ ክርስቶስ ብምስጋና : ገጽ እግዚኣብሄር ንድለ ።**
   'እዚ ምእንታኹም ብክርስቶስ የሱስ ፍቓድ ኣምላኽ እዩ እሞ : ብኹሊ ኣመስግኑ ።' 1ተሰ 5:18 ።

10. **ጐይታ ክሳብ ሕጂ ፈጺሙ ስለ ዘይሓደገና ክሳብ መወዳእታውን ስለ ዘይሓድገና : ብምስጋና ገጽ እግዚኣብሄር ንድለ ።**
    'ምሕረቱ ኣይተወድኤን እዩ እሞ : ጥራስ ዘይጠፋእናስ ጸጋ እግዚኣብሄር እዩ ። ' ድጉ.3:22

---

<u>**ሓዳሽ መጽሓፍ ትግርኛ**</u>

<< ምልላይን ምብታኽን መርገም>>

<<Identifying and Breaking Curses >>

እትብል ብጆን ኤካርድ እተጻሕፈት: ከተንብቡ እትደልዩ : ብኢመይል ሓብሩና ናብ ኢመይልኩም ክንሰደልኩም ኢና ።

ዓምዲ ቃል ኣምላኽ

## ኣጋይሽን ስደተኛታትን

<< ኣቱም ፍቁራተይ ፡ ከም ኣጋይሽን ከም ስደተኛታትን እመኽረኩም ኣለኹ ፡ ካብቲ ምስ ነፍሲ ዚዋጋእ ስጋዊ ትምኒት ርሓቑ ። >> 1ጴጥ 2:11 ።

ሓደ ጊዜ ፈርኦን ንያእቆብ ወዲ ይስሃቅ ከምዚ ክብል ሓተቶ << ዘበን ህይወትካ ኽንደይ ዓመታት እዩ ፧ >> ያእቆብ ድማ << ዓመታት ዘበን ስደተይ ሚእትን ሰላሳን ዓመት እዩ ። ዓመታት ዘበን ህይወተይ ሒደትን ክፉኣትን እየን ። ክንዲ እቲ ዓመታት ዘበን ህይወት ኣቦታተይ ብዘበን ስደቶም ኣይኣኽላን :>> በሎ ። ተመልከቱ ያእቆብ ነዚ ናይ ምድሪ ህይወቱ ከም ናይ ስደት ናብራ እዩ ቆጺርዎ ። ነዚ ናይ ግሽነት ናብራኡ ርእዩ ከም ተጓዓዛይ ናብ ካልእ ቦታ ተረዲኡዎ ነይሩ ። ናብ ግብጺ ስለ ዝመጸ ዘይኮነ ከም ስደተኛ ንርእሱ ዝቖጽራ ዘሎ ንሱስ ንኹሉ ህይወቱ ርእዩ እዩ ከምኡ ዝቖጸራ ። ያእቆብ ወላኳ 130 ዕድመ ጌሩ ነይሩ እንተኾነ ምስቲ ናይ ሰማይ ናብራ ኣወዳዲሩ ሒደትን ክፉኣትን እየን በለ ። ምኽንያቱ ኣብ ሰማይ ሽሕ መዓልቲ ከም ሓንቲ መዓልቲ እዩ ። ሃሌሉያ ። ኣዝየን ናይ መከራ ጊዜ ስለ ዘሕለፈ እዩ ኸኣ ክፉኣት ኢሉ ዝጸውዐን ። ዳዊት ወዲ እሴይ ከኣ ነዚ ኣመልኪቱ ከምዚ በለ : << ንሕና ኣብ ቅድሜኻ ኸም ኩሎም ኣቦታትና መጻእተኛታትን ኣጋይሽን ኢና ፡ ዕለታትና ኣብ ምድሪ ከም ጽላሎት እየን ፡ ዚነብር ውን የልቦን ። >> 1ዜና29:15 ። ከምቲ ቀዳሞት ኣቦታት ስደተኛታት ዝነበሩ ካብኦም ስለዘይበልጹ ዳዊት ስደተኛታትን ኣጋይሽን ኢና ኣብዛ ምድሪ ኢሉ ። ዳዊት ነዚ ናይ ምድሪ ህይወት ዕለታት ኢሉ ጸዊዕዎ ምኽንያቱ ምስቲ ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ ኣወዳዲርዎ ። ዳዊት ኣብዛ ምድሪ ንጉስ እዩ ነይሩ ግናኸ ስደተኛታትን ኣጋይሽን ኢና ኢሉ ። እወ ናይ ምድሪ ህይወትና ከመይ እዩ ብዘየገድስ ዕለታትና ኣብ ምድሪ ከም ጽላሎት እየን ። ኣብዛ ጥቕሲ ፡ ዳዊት 'ዚነብር ውን የልቦን' ኢሉ ፡ እወ ኣብዛ ምድሪ ንዘለኣለም ዚነብር የልቦን ኩላትና ሓለፍቲ ኢና ። ኣብ መዝ 119:19 ከኣ <<ኣነ ኣብዛ ምድሪ ጋሻ እየ ፡ ትእዛዛትካ ኣይትሕብኣለይ ።>> ይብል ። ዳዊት ኣብዛ ምድሪ ከም ጋሻ ናብ ቤቱ ዝነቐለ ስደተኛ ደኣ እምበር ከም ኣብ ቤቱ ስለ ዘይነበረ ነተን ክመርሓኦ ዝኽእላ ቃል ኣምላኽ ኣይትሕብኣለይ ኢሉ ።

እምበኣርሲ ቃል ኣምላኽ ኣብ 1ጴጥ 2:11 ፡ ንመን እዩ ኣጋይሽን ስደተኛታትን ኢሉ ዝጽውዖም ዘሎ ፧ ንኣገልገልቲ ድዩ ፧ ወይስ ነቶም ኣዝዮም ቅዱሳት ሰባት እንበሎም ፧ እዚ ቃል ንኹሎም ብጐይታ ዝኣምኑ ክርስትያናት ኣሕዋት እዩ ። እምበኣርሲ ኣብዛ ምድሪ ኣጋይሽን ስደተኛታትን ምዃንና እስኪ ነስተውዕል ። ማለት ፡ ኣብ ዘይቦታኦም ዝሓድሩ ኣጋይሽ እዮም ዝብሃሉ ። ኣጋይሽ ንነዊሕ ጊዜ ኣይጸንሑን እዮም ። ኣጋይሽ ናብ ቦታኦም ኪኸዱ ኣዝዮም እዮም ዝብህጉ ። ናይቲ ዚሓድርሉ ቦታ ጽባቐ ወይ ኽፉእ ብዙሕ ከየገደሶምን እዩ ፡ ነበርቲ ኣይኮንናን ኢሎም ኣብ ዝኾነ ብቕልል ዝበለ ጌሮም እዮም ዝሓድሩን ዝሓልፍዎን ። ስደተኛታት ከኣ ኣብ ሓደ ዘይቦታኦምን ዘይመበቆሎምን ዝኾነ ቦታ ምስ ንኣታቶም ዘይመስል ህዝቢ ንነዊሕ እዋን ዝጸንሑ ኮይኖም ኩሉ ጊዜ ግና ብዛዕባ እታ መበቆላዊት ቦታኦም ዚኾነት ሃገሮም እዮም ዚሓስቡ ። ስደተኛታት ካብ ከባቢኦም ኣዝዮም ፍሉያት ሰባት ኮይኖም ኩሉ ጊዜ ሓደ ነገር ዝርድኦም ኣሎ ፡ ንሱ ኸኣ ካብ ከባቢኦም ፍሉያት ምዃኖም እዩ ። ስደተኛታት በቲ ኣብ ከባቢኦም ዘሎ ጽቡቕ ዝመስል ነገራት ፈጺሞም ኣይማረኹን እዮም ፡ ንሳቶምሲ እታ ሃገሮም እያ እትርኣዮም ። እምበኣርሲ ክርስትያናት ኣብዛ ምድሪ ከምኡ እዮም ፡ ከም ኣጋይሽን ስደተኛታትን እዮም ። ቃል ኣምላኽ ከምኡ እዩ ዝብለና ዘሎ ። ንክርስትያናት ናይ መወዳእታ ቦታኦም ምድሪ ኣይኮነትን ፡ ሃገሮም ኣብ ሰማያት እዩ ካብኣ ከኣ መድሓኒ ክመጾም እዩ ። ኣብዛ ጥቕሲ ትሕት ኢልና እንተ ኣንበብና << ኣብ ማእከል ኣህዛብ ኣኻይዳኹም ኣጸብቑ >> ይብለና ። እወ ዘለናዮ ቦታ

ምድሪ ስደትና እዩ : ኣብ ማእከል ከማና ዘይኮነ ህዝቢ ኢ.ና ዘሎና ስለዚ ኣካይዳና ብዙሕ ጥንቃቐ ዘለዎ ክኸውን ይግባእ ። እሞኸ ደኣ : ሎሚ ኣብዚ ምድሪ ከምዝኾነ ቦታና እንተ ወሰድናዮ መወዳእታና ኣይጽብቕን እዩ ። ንሳቶም ኣብዚ እዩ ዕጋበቶም : ክርስትያናት ግና ካብ ኩሉ ምስ ነፍሲ ዚዋጋእ ስጋዊ ትምኒት ክርሕቁ ይግብእ ። ኣብዚ ናይ ስደት ህይወት መንነትና ክነጥፍእ የብልናን ። እዚ ማለት : ቅዱስ ናብራ ክንነብር ኣሎና ። ምግላጽ ናይ ጐይታናን መድሓኒናን የሱስ እናተጸበና ቅዱስ ናብራ : ካብ ኩሉ ክፉእ ዘበለ እናረሓቕና : ምስቶም ከማና ስደተኛታትን ኣጋይሽን ዝኾኑ ብፍቕሪ ኣሓውት ንመላለስ ። ሎሚ ብዙሓት ኣመንቲ ናይ ዘለኣለም ቦታኦም ኣብዚ ምድሪ እዩ ዝመስል ። ኩሉ ሓሳቦም ናይ ምድሪ እዩ ። ሰማያዊ ራእይ የብሎምን ። ኣብ ሓላፊ ዝኾነ ቦታ ከም ዘለዉ ፈጺሙ ኣይርድኦምን ። ቃል ኣምላኽ ግና <<ኩሉ ስጋ ኸም ሳዕሪ : ኩሉ ኽብሩውን ከም ዕምባባ ሳዕሪ እዩ ። ቃል እግዚኣብሄር ግና ንዘለኣለም ይነብር ። እቲ እተነግረኩም ቃል ብስራት እዚ እዩ ። >> 1ጴጥ 1:24 ። እቶም ናይ እምነት ኣቦታትና ኩሎም ግና ኣብ ምድሪ ኣጋይሽን ስደተኛታትን ምዃኖም እናተኣመኑ እዮም ብእምነት ዝሓለፉ ። ሎሚ ዘንጊዕናዮ ዘሎና ኮይኑ ዝርድኣኒ ኣጋይሽን ስደተኛታትን ምዃንና እዩ ። እምበኣርሲ ኣብዚ ዚነብር የልቦን : ንሕና ከም ኩሎም ናይ እምነት ኣቦታትና ኣጋይሽን ስደተኛታትን ዕለታትና ኣብ ምድሪ ከም ጽላሎት እየን እሞ : ኩሉ ጊዜ ኣብዚ ምድሪ ከም ኣጋይሽን ስደተኛታትን ምዃንና ፈሊጥና ካብቲ ምስ ነፍሲ ዚዋጋእ ስጋዊ ትምኒት ዘበለ ኹሉ ክንርሕቕ ቃል ኣምላኽ ይነግረና ኣሎ ። ካብ ኩሉ እትዕድመና ዕድመ ናይዛ ክፍእቲ ዝኾነት ዓለም ርሒቕና ናብ የሱስ ለጊብና ብሉጽ ዝኾነ ህይወት ምስ ተረፉ ንርከብ ። ናይ ዓለም ግዚያዊ እዩ : ናይ የሱስ ግና ንዘለኣለም እዩ ። የሱስ ዝህበና ሰላም ከምቲ ናይ ዓለም ሰላም ኣይኮነን ። ከምዚ እንተ ኾይንና ኸኣ ህይወትና ብጐይታ ዕግብቲ ክትከውን እያ ። ክብሪ ኹሉ ንእግዚኣብሄር ይኹን ። ጐይታ ኣዕዚዙ ይባርክኹም ።

## ምሕረትካ ደገ ካብ ከፈተለይ

1.ንስኻ ኣብቲ ቅዱስ ከረን
ኣዚኻ ዓብየን ምስጉንን
ከምቲ ስምካ ከምኡ ምስጋናኻ
ክሳዕ ወሰን ምድሪ ይወጽእ
ሳህልኻ ክሳዕ ሰማያት ዕብይ'ዩ
ሓቅኻውን ክሳዕ ደበናታት ይበጽሕ'ዩ

ተድ.ምሕረትካ ደገ ካብ ከፈተለይ
ክኣቱ ናብ መቕደስካ
ኩሉ ጊዜ መስዋእቲ
ምስጋና ሒዘ እመጽእ ናባኻ
ነፍሰይ'ውን ክብሪ ትህብ'ላ ንኣኻ

2.ንስኻ ኣብ ልዕሊ ኩሎም
ኣማልክቲ ዓቢ ንጉስ ኢ.ኻ
መዓሙቕ ምድሪ ኣብ ኢ.ድካ
በረኸቲ ኣክራን ከኣ ናትካ
ባሕሪ ናትካ ንስኻ ፈጢርካዮ
ነፍሰይሲ ንኣኻ ፍግም ኢ.ላ ትሰግድ

3.ንስኻ ኣብ ልዕሊ ኩሉ
በረከትን ምስጋናን ክብ ዝበልካ
እወ ንስካ በይንኻ ኣምላኽ
ንጉስ ኩላ ምድሪ ኢ.ኻ
ኣይውዳእንዩ እቲ ዓመታትካ
ትነብር'ውን ኣለካ ንስኻ ከም ቀደምካ

4.ንስኻ ኣብ ልዕሊ ሰማያት
ልዕል ዝበልካ ኣምላኽ ኢ.ኻ
ሰማያት ኩሉ ብኽብርኻ
ቀጽሩ መሊኡ ብምስጋናኻ
ጽድቅካውን ከም ኣኽራን ኣምላኽዩ
ፍርታትካ ኩሉ ሰፊሕ መዓሙቕ ምድሪ'ዩ

ርሑስ ሓድሽ ዓመት 2010

hibret_christians@yahoo.com

# ሻሎም #11

« ፍቕሪ ከቶ ኣይተቋርጽን እያ ። » 1ቆረ 13፣8 ።

ዓምዲ ጸሎት

## <u>ጸሎት ምንቕቓሕ</u>

ኣሕዋተይ : ቅድሚ ጸሎት ንምንቕቓሕ ምቕጻልና : ፈለማ ንርእስና ቅዱሳት ናይ ኣምላኽ ክንከውን ዋጋ ክንከፍል ፍቓደኛታት ምዃንና ነረጋግጽ ።

ብተደጋጋሚ ኣብ እንጽልየሉ : እግዚኣብሄር ፤ ምጽላይ ደው ኣብሉ ጸሎትኩም ኣይስማዕንዩ ፤ ከይብለና ዘፍርሃኒ እዩ ። ብሓቂ : ኣምላኽ ጸሎትኩም ደው ኣብሉ ዝብለሉ ጊዜ ኣለዎ ። ሓደ ጊዜ ንእያሱ ወዲ ነዌ ኣገልጋሊ ኣምላኽ ከምዚ ኢልዎ : "ተንስእ : ስለምንታይ ከምዚ ብገጽካ ትድፋእ ፧ እስራኤል ሓጢኣት ገበረ : እቲ ዝኣዝዝክዎም ኪዳነይ ከኣ ኣፍረሱ : ካብቲ ሕሩም ወሰዱ ሰረቑ ኸኣ : ሓሰዉ ድማ : ኣብ ማእከል እቕሓኦምውን ኣንበርዎ ።" እያ 7:10-13 ርኣዩ ። እግዚኣብሄር ንእያሱ ጊዜኻ ኣይተጥፍእ:እዩ ኢልዎ። እዚ እዩ ኸኣ እቲ ዘፍርሃኒ ። እያሱ ክሳብ ነቲ ዘይቅዱስ ነገር ካብ ቤት ኣካን ዝረኽቦ : እግዚኣብሄር ንጸሎት እያሱ ኣይሰምዖን ።

እምበኣርሲ ሎሚ ምጽላይሲ ንጽልይ ንህሉ ኢና : ግናኸ ብምሉእ ልብናዶ ናብ እግዚኣብሄር ንምለስ ኣሎና ፧ እዚ ከምቲ ኣብ 1ሳሙ 7:1-4 ዘሎ እዩ : 'ብዘለዉ ቤት እስራኤል ናብ እግዚኣብሄር ትምለሱ እንተ ኼንኩም : ጓኖት ኣማልኽትን ኣስታሮታትን ካብ ማእከልኩም ኣርሕቑ : <u>ልብኹም ከኣ ናብ እግዚኣብሄር ኣቕንዑ : ንእኡ ጥራይውን ኣምልኹ :'</u> ። ይብለና ።

ስለዚ ናብ ዝፋን ጸጋ ክንቀርብ ከሎና : ኣምላኽ ይሰምዓና እንተሎ ነረጋግጽ ። ምናልባት ጐይታ ዘይሰምዓና ከይህሉ ንፍራህ ። ምስቲ ሓውና ዝተፈላለናሉ ነገር ዘይዓረፈ ከይኸውን ። ነቶም ሃብታማትን ጽልዋ ዘለዎም ሰባትን ኣብ ማሕበር ኣብሊጽና ምርኣይና ከይንቃወሞም ኣቤና ። ክሳብ ሕጂ ገዛእ ርእስና ኣየትሓትናን : ኣብ ህይወትና ዘሎ ኣምሰሉነት ጃህራን ኣይተነሳሕናሉን ። ብዝኾነ ዋጋ : ልብና ቅዱሳት ናይ ኣምላኽ ሰባት ከይንኸውን ኣይተመልሰን ። እሞኸ ደኣ : ዓስቢ ጸሎትና እንታይ እዩ ፧ ኣብ መወዳእታ : ጸሎት ካብ ጻድቕ ዝኾነ ሰብ ጥራይ እያ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ብዙሕ እተስልጥ ። ያቆ 5:16 ። ሎሚ ጊዜና ኣስተውዒልና ብቕድስና እናተመላለስና : ኩሉ ተንኮል : ዘይስርዓታዊ ዘበለ : ትሕት ዘይምባል ንሓድሕድና : ዓለማዊ ተግባር ዘበለ ኹሉ ካብ ህይወትና ኣርሒቕና : ናብ ጸሎት ንምንቕቓሕ ልብና ንምለስ ። ቃል ኣምላኽ ከምዚ ይብል : "ንሱ ኽሳዕ ዚመጽእ : ጽድቂ ኸኣ ክሳዕ ዜዝንመልኩምሲ : ንእግዚኣብሄር እትደልዩሉ ጊዜ እዩ እሞ : ንኣኻትኩም ብጽድቂ ዝርኡ : ከም መጠን ምሕረቱ ኸኣ ዕጸዱ : ሓድሽ ጽግኢ ጽግኡ ። " ሆሴ 10:12 ።

እምበኣርሲ እዚ ሎሚ እንርእዮ ዘሎና ክሓልፍ እዩ : ጽባሕ ሰናይ ኪኸውን እዩ : ተስፋ ከይቆረጽና ተጸናኒዕና : ንእግዚኣብሄር እንደልየሉ ጊዜ ምዃኑ ፈሊጥና ብምሉእ ልብና ንድለዮ ። ክብሪ ኹሉ ንእግዚኣብሄር ይኹን: ጐይታ ኣዕዚዙ ይባርኽኩም።

<> <> <>

## ኣርእስቲ ጸሎት

ቃል ኣምላኽ ኣብ ማቴ 6:8 : እምበኣርከስ ኣቦኹም ከይለምንኩምዎ : ዜድልየኩም ይፈልጥ እዩ : ይብል ።

ኣምላኽ ንኹሉ ዘድልየና ዘበለ ጌና ከይለምንናዮ ይፈልጦ እዩ ። እዚ ማለት ግን ምጽላይን ምልማንን እየድልየናን እዩ ማለት ኣይኮነን ። ግናኸ ክንጽልይን ክንልምንን ከሎና ነዚ ሓሳብ ሒዝና ክንጽልይ እዩ ዘሎና ። ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ነቲ ዕዉር በርጢሜዎስ ወዲ ጤሜዎስ ኣብ ጥቓ መገዲ ኮይኑ ይልምን ምስ ነበረ : እንታይ ክገብረልካ ትደሊ ኣሎኻ ፧ ኢሉ እዩ ሓቲትዎ ። (ማር10:46-52 ) ። በርጢሜዎስ ከኣ : ረቡኒ : ክርኢ : በሎ ። እምበኣርሲ ጐይታ ነቲ እንደልዮ ዘበለ ፈሊና ክንነግሮ እዩ ዚደሊ ። ስለዚ እዩ ኸኣ : ዚልምን ዘበለ ይቕበል : ዚደሊ ይረክብ : ማዕጾ ዃሕዃሕ ንዘበለ ውን ይኽፈተሉ እዩ እሞ : ለምኑ ኺውሃበኩም : ድለዩ ኽትረኽቡ ኢኹም : ማዕጾ ውን ኳሕኳሕ ኣብሉ : ኪኽፈተልኩም እዩ : እብለኩም ኣለኹ : ይብል ። (ሉቃ11:9-10) ።

ናይዛ ወርሒ ኣርእስቲ ጸሎትና እዚ እዩ :-

1. **ኣምላኽ መንፈሱ ኣብ ህዝቡ ከፍስስ : ገጽ እግዚኣብሄር ንድለ ።**
   ኢሰ 44:3-5 : ማይ ኣብቲ ጽሙእ : ወሓይዝ ከኣ ኣብቲ ንቑጽ ኽፍስስ እየ : ,መንፈሰይ ኣብ ዘርእኻ : በረኸተይ ከኣ ኣብ ሓድግኻ ኽፍስሶ እየ እሞ : ከም ዕቦል ኣብ ጥቓ ወሓዚ ርባ : ኣብ ማእከል ሳዕሪ ኺበቝሉ እዮም ። እቲ ሓደ : ናይ እግዚኣብሄር እየ : ኪብል እዩ : እቲ ሓደ ኻልእ ብስም ያእቆብ ኪስመ እዩ : እቲ ሓደ ድማ : ናይ እግዚኣብሄር : ኢሉ ኣብ ኢዱ ኺጽሕፍ እዩ : ንስም እስራኤል ድማ መጸውዒ ኽብረት ኪገብሮ እዩ ።

2. **ስለ መንግስቲ ኣምላኽ ገጽ እግዚኣብሄር ንድለ ። ኣብ ኩሉ ኺስበኽ ።**
   ማቴ 24:14 : እዚ ወንጌል መንግስቲ ኸኣ ንምስክር ኩሎም ኣህዛብ ኣብ ብዘላ ዓለም ኪስበኽ እዩ : ሽዑ መወዳእታ ይመጽእ ።

3. **ስለ ቃሉ : ብሓይሊ ስልጣኑ ኪንገር : ገጽ እግዚኣብሄር ንድለ ።**
   መዝ 145:11-45 : ግብርታት ሓይልኻ ክቡር ግርማ መንግስትኻን ንደቂ ሰብ ምእንቲ ኼፍልጡ : ክብሪ መንግስትኻ ኺዛረቡ ስልጣንካውን ኪንገሩ እዮም ።

4. **ንኽብሩ ዚገልጽ ፈውሲ ኪኸውን ኣብ ምድርና : ገጽ እግዚኣብሄር ንድለ ።**
   ማቴ 4:23 : የሱስ ድማ ኣብ ኩላ ገሊላ : ኣብ ቤት ጸሎቶም እናመሃረ : ወንጌል መንግስቲውን እናሰበኸ : ኩሉ ሕማምን ኣብ ህዝቢ ዘሎ ኹሉ ድናሰን እናሕወየ ይዘውር ነበረ ።

5. **ሰላም ካብ እግዚኣብሄር እዩ : ዘመን ሓጎስን ምስጋናን ክሰደልና : ገጽ እግዚኣብሄር ንድለ ።**
   2ጢሞ2:1-2 'እምበኣርሲ ስለ ኹሉ ሰብ : ብኹሉ ኣምልኾን ምርዛንን ሃዲእና ብዘይ ህውከት ምእንቲ ክንነብርሲ : ስለ ነገስታትን ስለ ኩሎም መኳንንትን ልማኖን ጸሎትን ምህልላን ምስጋናን ኪግበር : ቅድሚ ኹሉ እምዕድ ኣሎኹ ።

6. **ስለ እቶም ዝጸርፉናን ዝሰጉናን : ገጽ እግዚኣብሄር ንድለ** ። ማቴ5:44-45 ።

7. **ኣብዚ ጊዜ እዚ ብፍቕሪ ንሓድሕድና ክንደጋገፍን ክንድንግጽን ክንነቓቓሕን : ገጽ እግዚኣብሄር ንድለ ።**
   'ፍቕሪ ከቶ ኣይተቋርጽን እያ ።'1ቆረ 13:8።

8. **መርገም ዘበለ ካባና ክብተኽ : ብንስሓ ካብ ትሕቲ መርገም ንምውጻእ ንኹሉ ዝቃወመና እናኣሰርና : ገጽ እግዚኣብሄር ንድለ ።**

' ኣብ ዕጸይቲ ዚስቀል ዘበለ ርጉም እዩ : ተጽሒፉ ኣሎ እሞ : ክርስቶስ ምእንታና መርገም ኮይኑ : ካብ መርገም ሕጊ ተሻየጠና ።' ገላ 3:13 ።

9. **ስለ ዘሎናዮ ኩሉ ኩነታት ንጐይታ የሱስ ክርስቶስ ብምስጋና : ገጽ እግዚኣብሄር ንድለ ።**
   **'እዚ ምእንታኹም ብክርስቶስ የሱስ ፍቓድ ኣምላኽ እዩ እሞ : ብኹሊ ኣመስግኑ** ።' 1ተሰ 5:18 ።

10. **ጐይታ ክሳብ ሕጂ ፈጺሙ ስለ ዘይሓደገና ክሳብ መወዳእታውን ስለ ዘይሓድገና : ብምስጋና ገጽ እግዚኣብሄር ንድለ ።**
    'ምሕረቱ ኣይተወድኤን እዩ እሞ : ጥራስ ዘይጠፋእናስ ጸጋ እግዚኣብሄር እዩ ። ' ድጉ.3:22

---

**<u>ሓዳሽ መጽሓፍ ትግርኛ</u>**

<< **ምልላይን ምብታኽን መርገም**>>

<<Identifying and Breaking Curses >>

**እትብል ብጆን ኤካርድ እተጻሕፈት:**

**ከተንብቡ እትደልዩ : ብኢመይል ሓብሩና ናብ ኢመይልኩም ክንሰደልኩም ኢና ።**

ዓምዲ ቃል ኣምላኽ

## ኣጋይሽን ስደተኛታትን

<< ኣቱም ፍቁራተይ ፡ ከም ኣጋይሽን ከም ስደተኛታትን እመኽረኩም ኣለኹ ፡ ካብቲ ምስ ነፍሲ ዚዋጋእ ስጋዊ ትምኒት ርሓቑ ። >> 1ጴጥ 2:11 ።

ሓደ ጊዜ ፈርኦን ንያእቆብ ወዲ ይስሃቅ ከምዚ ክብል ሓተቶ << ዘበን ህይወትካ ኽንደይ ዓመታት እዩ ፧ >> ያእቆብ ድማ << ዓመታት ዘበን ስደተይ ሚእትን ሰላሳን ዓመት እዩ ። ዓመታት ዘበን ህይወተይ ሒደትን ክፉኣትን እየን ። ክንዲ እቲ ዓመታት ዘበን ህይወት ኣቦታተይ ብዘበን ስደቶም ኣይኣኸላን :>> በሎ ። ተመልከቱ ያእቆብ ነዚ ናይ ምድሪ ህይወቱ ከም ናይ ስደት ናብራ እዩ ቆጺርዎ ። ነዚ ናይ ግሽነት ናብራኡ ርእዩ ከም ተጓዓዛይ ናብ ካልእ ቦታ ተረዲኡዎ ነይሩ ። ናብ ግብጺ ስለ ዝመጸ ዘይኮነ ከም ስደተኛ ንርእሱ ዝቖጽራ ዘሎ ንሱስ ንኹሉ ህይወቱ ርእዩ እዩ ከምኡ ዝቖጸራ ። ያእቆብ ወላኳ 130 ዕድመ ጌሩ ነይሩ እንተኾነ ምስቲ ናይ ሰማይ ናብራ ኣወዳዲሩ ሒደትን ክፉኣትን እየን በለ ። ምኽንያቱ ኣብ ሰማይ ሽሕ መዓልቲ ከም ሓንቲ መዓልቲ እዩ ። ሃሌሉያ ። ኣዝየን ናይ መከራ ጊዜ ስለ ዝሕለፈ እዩ ኸኣ ክፉኣት ኢሉ ዝጸውዐን ። ዳዊት ወዲ እሴይ ከኣ ነዚ ኣመልኪቱ ከምዚ በለ : << <u>ንሕና ኣብ ቅድሜኻ ኸም ኩሎም ኣቦታትና መጻእተኛታትን ኣጋይሽን ኢና ፡ ዕለታትና ኣብ ምድሪ ከም ጽላሎት እየን ፡ ዚነብር ውን የልቦን ።</u> >> 1ዜና29:15 ። ከምቲ ቀዳሞት ኣቦታት ስደተኛታት ዝነበሩ ካብኦም ስለዘይበልጹ ዳዊት ስደተኛታትን ኣጋይሽን ኢና ኣብዛ ምድሪ ኢሉ ። ዳዊት ነዚ ናይ ምድሪ ህይወት ዕለታት ኢሉ ጸዊዕዎ ምኽንያቱ ምስቲ ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ ኣወዳዲርዎ ። ዳዊት ኣብዛ ምድሪ ንጉስ እዩ ነይሩ ግናኸ ስደተኛታትን ኣጋይሽን ኢና ኢሉ ። እወ ናይ ምድሪ ህይወትና ከመይ እዩ ብዘየገድስ ዕለታትና ኣብ ምድሪ ከም ጽላሎት እየን ። ኣብዛ ጥቕሲ ፡ ዳዊት 'ዚነብር ውን የልቦን' ኢሉ ፡ እወ ኣብዛ ምድሪ ንዘለኣለም ዚነብር የልቦን ኩላትና ሓለፍቲ ኢና ። ኣብ መዝ 119:19 ከኣ <<ኣነ ኣብዛ ምድሪ ጋሻ እየ ፡ ትእዛዛትካ ኣይትሕብኣለይ ።>> ይብል ። ዳዊት ኣብዛ ምድሪ ከም ጋሻ ናብ ቤቱ ዝነቐለ ስደተኛ ደኣ እምበር ከም ኣብ ቤቱ ስለ ዘይነበረ ነተን ክመርሓኦ ዝኽእላ ቃል ኣምላኽ ኣይትሕብኣለይ ኢሉ ።

እምበኣርሲ ቃል ኣምላኽ ኣብ 1ጴጥ 2:11 ፡ ንመን እዩ ኣጋይሽን ስደተኛታትን ኢሉ ዝጽውዖም ዘሎ ፧ ንኣገልገልቲ ድዩ ፧ ወይስ ነቶም ኣዝዮም ቅዱሳት ሰባት እንበሎም ፧ እዚ ቃል ንኹሎም ብጐይታ ዝኣምኑ ክርስትያናት ኣሕዋት እዩ ። እምበኣርሲ ኣብዛ ምድሪ ኣጋይሽን ስደተኛታትን ምዃንና እስኪ ነስተውዕል ። ማለት ፡ ኣብ ዘይቦታኦም ዝሓድሩ ኣጋይሽ እዮም ዝብሃሉ ። ኣጋይሽ ንነዊሕ ጊዜ ኣይጸንሑን እዮም ። ኣጋይሽ ናብ ቦታኦም ኪኸዱ ኣዝዮም እዮም ዝብህጉ ። ናይቲ ዚሓድርሉ ቦታ ጽባቐ ወይ ኽፉእ ብዙሕ ከየገደሶምን እዩ ፡ ነብርቲ ኣይኮንናን ኢሎም ኣብ ዝኾነ ብቕልል ዝበለ ጌሮም እዮም ዝሓድሩን ዝሓልፍዎን ። ስደተኛታት ከኣ ኣብ ሓደ ዘይቦታኦምን ዘይመበቆሎምን ዝኾነ ቦታ ምስ ንኣታቶም ዘይመስል ህዝቢ ንነዊሕ እዋን ዝጸንሑ ኮይኖም ኩሉ ጊዜ ግና ብዛዕባ እታ መበቆላዊት ቦታኦም ዚኾነት ሃገሮም እዮም ዚሓስቡ ። ስደተኛታት ካብ ከባቢኦም ኣዝዮም ፍሉያት ሰባት ኮይኖም ኩሉ ጊዜ ሓደ ነገር ዝርድኦም ኣሎ ፡ ንሱ ኸኣ ካብ ከባቢኦም ፍሉያት ምዃኖም እዩ ። ስደተኛታት በቲ ኣብ ከባቢኦም ዘሎ ጽቡቕ ዝመስል ነገራት ፈጺሞም ኣይማረኹን እዮም ፡ ንሳቶምሲ እታ ሃገሮም እያ እትርኣዮም ። እምበኣርሲ ክርስትያናት ኣብዛ ምድሪ ከምኡ እዮም ፡ ከም ኣጋይሽን ስደተኛታትን እዮም ። ቃል ኣምላኽ ከምኡ እዩ ዝብለና ዘሎ ። ንክርስትያናት ናይ መወዳእታ ቦታኦም ምድሪ ኣይኮነትን ፡ ሃገሮም ኣብ ሰማያት እዩ ካብኡ ከኣ መድሓኒ ክመጽም እዩ ። ኣብዛ ጥቕሲ ትሕት ኢልና እንተ ኣንበብና << ኣብ ማእከል ኣህዛብ ኣኻይዳኹም ኣጸብቑ >> ይብለና ። እወ ዘለናዮ ቦታ

ምድሪ ስደትና እዩ ፡ ኣብ ማእከል ከማና ዘይኮነ ህዝቢ ኢና ዘሎና ስለዚ ኣካይዳና ብዙሕ ጥንቃቐ ዘለዎ ክኸውን ይግባእ ። እሞኸ ደኣ ፡ ሎሚ ኣብዚ ምድሪ ከምዝኾነ ቦታና እንተ ወሰድናዮ መወዳእታና ኣይጽብቐን እዩ ። ንሳቶም ኣብዚ እዩ ዕጋበቶም ፡ ክርስትያናት ግና ካብ ኩሉ ምስ ነፍሲ ዚዋጋእ ስጋዊ ትምኒት ክርሕቁ ይግብእ ። ኣብዚ ናይ ስደት ህይወት መንነትና ክነጥፍእ የብልናን ። እዚ ማለት ፡ ቅዱስ ናብራ ክንነብር ኣሎና ። ምግላጽ ናይ ጐይታናን መድሓኒናን የሱስ እናተጸበና ቅዱስ ናብራ ፡ ካብ ኩሉ ክፉእ ዘበለ እናረሓቕና ፡ ምስቶም ከማና ስደተኛታትን ኣጋይሽን ዝኾኑ ብፍቕሪ ኣሓውት ንመላለስ ። ሎሚ ብዙሓት ኣመንቲ ናይ ዘለኣለም ቦታኦም ኣብዚ ምድሪ እዩ ዝመስል ። ኩሉ ሓሳቦም ናይ ምድሪ እዩ ። ሰማያዊ ራእይ የብሎምን ። ኣብ ሓላፊ ዝኾነ ቦታ ከም ዘለዉ ፈጺሙ ኣይርድኦምን ። ቃል ኣምላኽ ግና <<ኩሉ ስጋ ኸም ሳዕሪ ፡ ኩሉ ኽብሩውን ከም ዕምባባ ሳዕሪ እዩ ። ቃል እግዚኣብሄር ግና ንዘለኣለም ይነብር ። እቲ እተነግረኩም ቃል ብስራት እዚ እዩ ። >> 1ጴጥ 1:24 ። እቶም ናይ እምነት ኣቦታትና ኩሎም ግና ኣብ ምድሪ ኣጋይሽን ስደተኛታትን ምዃኖም እናተኣመኑ እዮም ብእምነት ዝሓለፉ ። ሎሚ ዘንጊዕናዮ ዘሎና ኮይኑ ዝርድኣኒ ኣጋይሽን ስደተኛታትን ምዃንና እዩ ። እምበኣርሲ ኣብዚ ዚነብር የልቦን ፡ ንሕና ከም ኩሎም ናይ እምነት ኣቦታትና ኣጋይሽን ስደተኛታትን ዕለታትና ኣብ ምድሪ ከም ጽላሎት እየን እሞ ፡ ኩሉ ጊዜ ኣብዚ ምድሪ ከም ኣጋይሽን ስደተኛታትን ምዃንና ፈሊጥና ካብቲ ምስ ነፍሲ ዚዋጋእ ስጋዊ ትምኒት ዘበለ ኹሉ ክንርሕኞ ቃል ኣምላኽ ይነግረና ኣሎ ። ካብ ኩሉ እትዕድመና ዕድመ ናይዛ ክፍእቲ ዝኾነት ዓለም ርሒቕና ናብ የሱስ ለጊብና ብሉጽ ዝኾነ ህይወት ምስ ተረፉ ንርከብ ። ናይ ዓለም ግዚያዊ እዩ ፡ ናይ የሱስ ግና ንዘለኣለም እዩ ። የሱስ ዝህበና ሰላም ከምቲ ናይ ዓለም ሰላም ኣይኮነን ። ከምዚ እንተ ኾይንና ኸኣ ህይወትና ብጐይታ ዕግብቲ ክትከውን እያ ። ክብሪ ኹሉ ንእግዚኣብሄር ይኹን ። ጐይታ ኣዕዚዙ ይባርክኹም ።

## ምሕረትካ ደገ ካብ ከፈተለይ

1.ንስኻ ኣብቲ ቅዱስ ከረን
ኣዚኻ ዓብየን ምስጉንን
ከምቲ ስምካ ከምኡ ምስጋናኻ
ክሳዕ ወሰን ምድሪ ይወጽእ
ሳህልኻ ክሳዕ ሰማያት ዕብይ'ዩ
ሓቅኻውን ክሳዕ ደበናታት ይበጽሕ'ዩ

ተድ.ምሕረትካ ደገ ካብ ከፈተለይ
ክኣቱ ናብ መቕደስካ
ኩሉ ጊዜ መስዋእቲ
ምስጋና ሒዘ እመጽእ ናባኻ
ነፍሰይ'ውን ክብሪ ትህብ'ላ ንኣኻ

2.ንስኻ ኣብ ልዕሊ ኩሎም
ኣማልኽቲ ዓቢ ንጉስ ኢኻ
መዓሙቕ ምድሪ ኣብ ኢድካ
በረኽቲ ኣኽራን ከኣ ናትካ
ባሕሪ ናትካ ንስኻ ፈጢርካዮ
ነፍሰይሲ ንኣኻ ፍግም ኢላ ትሰግድ

3.ንስኻ ኣብ ልዕሊ ኩሉ
በረከትን ምስጋናን ክብ ዝበልካ
እወ ንስካ በይንኻ ኣምላኽ
ንጉስ ኩላ ምድሪ ኢኻ
ኣይውዳእንዩ እቲ ዓመታትካ
ትነብር'ውን ኣለካ ንስኻ ከም ቀደምካ

4.ንስኻ ኣብ ልዕሊ ሰማያት
ልዕል ዝበልካ ኣምላኽ ኢኻ
ሰማያት ኩሉ ብኽብርኻ
ቀጽሩ መሊኡ ብምስጋናኻ
ጽድቅካውን ከም ኣኽራን ኣምላኽዩ
ፍርታትካ ኩሉ ሰፊሕ መዓሙቕ ምድሪ'ዩ

ርሑስ ሓድሽ ዓመት 2010

hibret_christians@yahoo.com

# ሻሎም

ቁ.12 “እቲ ዜጸንዓኩምን ካብ ክፉእ ዚሕልወኩምን ጐይታ እሙን እዩ ።” 1ተሰ 3፤3 ።

ዓምዲ ጸሎት

## ፍሉይ ናይ ጸሎት ስፍራ ይሃልወና

የሱስ ክርስቶስ ንደቀ መዛሙርቱ ብዛዕባ ጸሎት ክምህሮም እንከሎ : ከምዚ በሎም << ንስኻስ ክትጽሊ ኽሎኻ : ናብ ቤትካ እቶ : ማዕጾኻ ዕጾ : ነቲ ብሕቡእ ዘሎ ኣቦኻ ለምኖ ። እቲ ብሕቡእ ዚርኢ ኣቦኻ ድማ ብግህዶ ኪኸሕሰካ እዩ ።>> (ማቴ 6:6) ። መጀመርታ ከነስተውዕሎ ዘሎና ክርስትያን ብብሕቱ ክጽሊ ናይ ግድን እዩ ። የሱስ ኣብዚ ቃል ግንስኻስ ክትጽሊ ከሎኻ' ኢሉ : ስለዚ ክርስትያን ኮንካ ክትጽሊ ከም ዘሎካ ግዲ እዩ ። ዘይጽሊ ክርስትያን ሓይሊ ዘይቅበል ክርስትያን እዩ ። ዘይጽሊ ክርስትያን ስንቁ ዝረስዐ ገያሻይ እዩ ዝመስል : ስለዚ ናብ ናይ ጸሎት ስፍራኡ ክምለስ ኣለዎ ። እምበኣርሲ ሓደ ሰብ ጽቡቕ ክጽሊ እንተደልዩ : ሓሳቡ ካብ ዝርብሾ : ጫውጫው ዘይብሉ : ኣብ ምሉእ ጸጥታን ምቹእን ስፍራ ኮይኑ ክጽሊ ተመራጺ እዩ ።

ዳንኤል ሓደ ካብቶም ብጽቡቕ ናይ ጸሎት ህይወቶም ካብ ዝፍለጡ ሰባት ነበረ ። ዳንኤል ንእግዚኣብሄር ሓደሓደ ጊዜ ጥራይ ዘይኮነ በብጊዜኡ ብጸሎት ይራኸቦ ነበረ ። ነዚ ነገር ኢሉ ዝወሰኖ ሰዓትን ፍሉይ ስፍራን ነበሮ ። ከምኡውን ያእቆብ ምስ እግዚኣብሄር ንምርኻብ ዝመረጾ ናይ ጸጥታን ጊዜ ነበሮ ። ምስ መልኣኽ እግዚኣብሄር እተቓለሰሉ ምሸት : ንእያቆብ እቲ ሰዓት ናይ ጸጥታን ናይ ጸሎትን ጊዜ ነበረ ።

ንእግዚኣሄር ኩሉ ጊዜ እምበር ሽግር ክገጥመና ከሎ ጥራይ ኣይኮናን ክንደልዮ ዘሎና ። እግዚኣብሄር ንሓደ ሰብ ካብ ካልእ ሰብ ኣየብልጾን እዩ : ወይውን ንሓደ ሰብ ካብቲ ሓደ ኣየኽብርን እዩ ። ንኹሉ ብማዕረ እዩ ዘፍቅሮ ። ንዳንኤል ንኤልያስ ከም ዘፍቀሮም ንኣናውን የፍቅረና እዩ ። ጸሎትና ብኣገባብ እንተ ኣቕረብና : ብትሕትና ልመናና ሒዝና ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር እንተ ቐረብና : ካብ ልብና ድሌትናን ሽግርናን እንተ ኣፍለጥናዮ : እግዚኣብሄር መልሲ ጸሎትና ክህበና እዩ ። በብጊዜኡ እንረኽቦ መልሲ ጸሎት ከኣ ንዕቤት እምነትና ክኾነና እዩ ። ብተወሳኺ መንፈስ ቅዱስውን ከመይ ኣቢልና ክንጽሊ ከም ዝግብኣና ክምህረና እዩ ። እምበኣርሲ ሎሚ ካብቲ በሪኽ ናይ ጸሎት ቦታና ዝወረድና ሰባት ናብኡ ንደይብ ኣብኡውን ንመላለስ : እግዚኣብሄር'ውን ሓይልና ክኸውን እዩ : ንሱ ነእጋርና ከም ናይ እራብ ክገብረን እዩ ። (ኣንባቆም 3:18) ።

ክብሪ ኹሉ ንእግዚኣብሄር ይኹን ። ጐይታ ኣዕዚዙ ይባርኽኩም ።

<> <> <>

ዓምዲ ቃል ኣምላኽ

## እንታይ ክገብረልካ ትደሊ ኣሎኻ፧

ሉቃ 18:41 "የሱስ ከኣ ደው ኢሉ ናብኡ ኼምጽእዎ ኣዘዘ ። ናብኡ ምስ ቀረበ ድማ : የሱስ ፤ እንታይ ክገብረልካ ትደሊ ኣሎኻ፧ ኢሉ ሓተቶ ። ንሱ ኸኣ ፤ ጐይታይ : ክርኢ : በሎ ።"

ሓደ ነገር ደልየ ኣለኹ ንሱኸኣ : ስኢነዮ ኣብ ብዙሕ ቦታታት ከይደ : ሕጂውን ኣይረኸብኩን ብገንዘብ ይርከብ እዩ ኢሎምኒ : ገንዘበይ ሂበ : ኣምጺአዮ : እዚውን ኣይጠቐመን ። ብሰበሱብ ይርከብ እዩ ሰሚዐ ሰብ ስለ ዝነበረኒ ብሰበሱብ ገይረ ረኺበዮ ግና እዚውን ኣይጠቐመን : ኩሉ ነገር ፈቲነ ኣይረኸብኩን : ኣብዚ ተስፋ ምቑራጽ እዚ ማለት ተስፋ ትገብረሉ ዝነበርካ ሰብካ : ገንዘብካ : ጊዜኻ : ናብራኻ : ድኻምካ : ኩሉ ነገር ምኻን ምስ ኣበየካን ምስ ከሰርካን ተስፋ ቆሪጽካ ነብስኻ ምእላይ ስኣንካ ዘርጋሕካሕ ኢልካ ከሎኻ ሓደ ርኢኻዮ ዘይትፈልጥ ማለት ሓሲብካዮ ዘይትፈልጥ ብሃንደበት መጺኡ እንታይ ትደሊ ኣሎኻ እንተዝብለካ እንታይ ምበልካ ኾን፧ ኣብዚ ብዙሕ ነገር ክንብል ንኽእል ኢና : ማለት ዘይምድላው እውን ክኸውን ይኽእል : እዚኸ እንታይ እዩ ዝብለኒ ዘሎ : ግደፈና እስከ እዚ ኸኣ ኣርኪቡ ኢልና ናብ ካልእ ስራሕና መኸድና ኔርና ንኸውን ። እዚ ዓይነስውር ናብ የሱስ ዝቐረበ ግና እዚ ስም እዚ ኣይሓደሶን : ኣብ ውሽጡ ሓደ ነገር ነይሩ : ማለት ነዚ ሰብ (የሱስ) እንተረኺበዮ ድምጹ ዋላ እንተ ሰሚዐ ኢሉ ተዳልዩ ዝነበረ ይመስል ምናልባት ካልእ ጊዜ ሰብ ተኣኪቦም ከለዉ የሱስ ክሓልፍ ኢጋጢምዎም ነይሩ ይኸውን : ናይዚ ዓይነስውር ግና ንበይኑ እዩ : ንሱ እዚ እንታይ እዩ ኢሉ ሓተተ ።

ኣሕዋተይ ነስተብህል : እስከ ሓሓንሳብ ስኣን ምስማዕናን ሰኣን ምስትብሃልናን ብዙሕ ነገራት ይሓልፈና እዩ : እዚ ግና ምስ ሓለፈና ኣዚና ኢና ክንጥዓስ ንርከብ ። ሓደ ጊዜ ከምዚ ኣጋጣሚ ንሓንቲ ባርያ ኣጋጠማ ። ሳራ ሰበይቲ ኣብራሃም ሓደ ነገር ገበረት : ሳራ ኦሮማይ ኣይኮነለይ እዩ  ደጊም ኣሪገ እየ እቲ እግዚኣብሄር ዝበለና በረኸት ከይሓልፈና ኢላ ሓደ ነገር መሃዙት ። ኣብራሃም ናብ ባርያኣ ኣጋር ክኣቱ ፣ እዚ ነገር ኣጋር ረኺባቶ ዘላ ዕድል ኣዝዩ ዓቢ እዩ ። ካብ ባርነት ናብ ክብሪ እዩ ። ኣጋር ግና ክትሕልዎ ኣይከኣለትን : እስማኤል ኣብ ልዕሊ ይስሃቕ ከላግጽ ምስ ጀመረ ሓደ ዘይተጸበይቶ ኩነታት ተፈጥረ ። ኣጋር ተሰጎት : ኣብ ጸምጸም በረኻ ኮይና ኩሉ ነገር ጸቢብዋ የማ ጸጋም ክትብል ከላ ወዳ ሰንድያ ንሞት ወዳ ከይትርኢ ኢላ ገዲፋቶ ኣዝያ ረሓቐት ። (ዘፍ21:16) ። ማዕረ ክንደይ ሞት ወድኻ ከቢድ ምኻኑ እቶም ወለዲ እዮም ዝፈልጥዎ ። ኣብ ከምዚ ኩነታት ከላ እዩ እምበኣር ኣምላኽ ድምጺ እቲ ቆልዓ ዝሰምዐ ። ኣሕዋተይ ኣዷኡ እኮ ሞቱ ከይትርኢ ኢላ እያ ምውርዋር ቀስቲ ዘኣክል ዝረሓቐት ። ኣብኡ እምበኣር ካብ ዓቕሊ ምጽባብ ዝኣክል ዓው ኢላ በኸየት ይብል ። ኣሕዋተይ : ነገራት ከቢቡና መውጽእን መእተውን ጠፊኡና ረሸሽ ኢልና ተስፋ ዝህበና ስኢንናዶ ኣሎና : እስከ ከምቲ ኣጋር ዓው ኢላ በኸየት ዝብለና ዘሎ ኩሉ ነገርና ገዲፍና ናብቲ ኩሉ ዝኽእል ዓው ኢልና ንጥራዕ : ዓው ኢሉ ወዲ ዳዊት መሓረኒ ክብል እንከሎ ጐይታ ድማ እንታይ ክገብረልካ ትደሊ ኣሎኻ ኢልዎ ። ኣጋር ድማ ዓው ኢላ ምስበኸየት ኣምላኽ ድማ ድምጺ

እቲ ቆልዓ ሰምዐ ይብለና ። ኣብቲ ረዲኤት ካብኡ ዝደለየትሉ : ጐይታ ምስ ረኣያ : ኣዒንቲ ኣጋር ከፈትላ እሞ : ብኡብኡ ነቲ ቆልዓ ማይ ከተስትዮ ከላ ንርኢ ። ኣሕዋተይ : ጐይታ ናባይ ንዑ እዩ ዝብለና : ዳዊት ከምዚ በለ : ኣዒንተይ ናብ ኣኽራናት ኤልዕል ኣለኹ :መዝ 121:1-2 : ረዲኤት ካብኡ እንተዘይኮይኑ ካልእ የለን ። ሰብ ንሓንሳእን ክልተሳብን ክረድኣካ ይኽእል ይኸውን : ግናኸ ካብኡ ንላዕሊ ክሓልፍ ኣይንርእን ኢና ። ስለዚ ረዲኤት ኣምላኽ ይሕሸና ። ኣሕዋተይ ናብኡ እንተ ጠሚትና ኣምላኽ ድማ ዝርኢ ኣዒንቲ ክህበና እዩ ። ኣዳምን ሄዋንን ክልተ ነገር ኮይኖም ዘፍ3:7 ። 1ይ. ኣብቲ ገጽ እግዚኣብሄር ዝደልዩሉ ጊዜ ባህ ኢልዎም ተሓጉሶም ይነብሩ ነይሮም ። 2ይ. ኣብቲ ሕጊ ኣምላኽ ዝጠሓሰሉ ጊዜ ግና እቲ ጽቡቕን ክፉእን ዘርኢ ዓይኖም ክርኢ ከሎ ንርኢ ። ኣስተውዕሉ : ኣብቲ ብግርህና እንመላለሰሉ : እቲ ኣምላኽ ዝብለና ኣጽኒዕና ብፍቓድና ብመገዱ ክንመላለስ ከሎና ድምጽና ናብ እግዚኣብሄር ይስማዕ እዩ ። ብፍቓዱ እንተዘይከድና ግና ናብኡ ክንጥምት ይሽግረና እዩ ። ካብዚ ሓደ ነገር ክንርኢ ንኽእል ኢና : እቲ ጊልያ ናይ ኤልሳእ ዝነበረ ኣብቲ ብስጋዊ ኣዒንቱ ክጥምት ከሎ እልፊ ሰራዊት ኣብዙርያኡ ከምዘለዉ ረኣየ : በዚ ኸኣ ክሽበር ከሎ ንርኢ ። (2ነገ6:17-18) ። ኤልሳእ ግና ሓደ ቓል በለ : ኣዒንቲ እዚ ባርያ ክፈት ምስ በለ ግና ኩሉ ፍርሒ ጠፊኡ ኣእላፋት ሰራዊት ሰማይ (መላእኽቲ) ተኸቢቡ ምስ ረኣየ ትብዓት ተሰምዖ። እምበኣርሲ እንታይ ንርኢ ኣሎና ፧ ክሳብ ሕጂ በየናይ ዓይኒ ኢና ኾን እንርኢ ዘሎና ፧ በዚ ምድራዊ ኣዒንትና ስለ እንርኢ ዘሎና ኢና እኮ ከም በዓል ካሌብን እያሱን ዘይኮነና ። ከምቶም ብዝረኣይዎ ነገር ፈሪሖምን ተዳሂሎምን ዝተመልሱ ዓሰርተ ሰባት ዝመጹ ኢና ኮይንና ዘሎና ። ካሌብን እያሱን ግና ብቲ መንፈሳዊ ኣዒንቶም ስለ ዝረኣዩ : ኣብ ቅድሜና ከም እንጀራና እዮም :ዝበሉ ። ኣምላኽ ይመስገን ።(ዘሁ14.9 ,ዘሁ 13.32-33)። ንሕናኸ እንታይ ንብል ከም ኣንበጣ ንብል ወይስ ከም እንጀራና እዮም ንብል ፧ ሕጂ እምበኣር እቲ ሕቶ ናባና እዩ እስከ ንርኣዮ : እንታይ ክገብረልካ ትደሊ ኣሎኻ ፧ ሕቶና በዓልና ንመልሶ ።

ኩሉ ነገር ገዲፍና ናብ ኣምላኽ ንጠምት : 2ዜና7.14 ከምዚ ይብል : “እዚ ብስመይ እተሰምየ ህዝበይ ከኣ ትሕት እንተብለ : እንተለመነ : ገጸይ እውን እንተደለየ : ካብ ክፉእ መገዱ ድማ እንተ ተመልሰ : ሽዑ ኣነ ኻብ ሰማይ ክሰምዕ እየ : ሓጢኣቶም ከኣ ይቕረ ኽብለሎም : ምድሮምውን ክፍውሰሎም እየ ።” ሽዕኡ እዩ ኣብቲ ገጽ ምድላይ እንታይ ክገብረልካ ትደሊ ኣሎኻ ምስተብሃልካ ትምልስ ። ክርኢ ድማ ትብል ። እቲ ዓይነ-ስዉር ወዲ ዳዊት መሓረኒ ምስ በለ እዩ እቲ ሕቶ ዝቐረበሉ : ኣብዚ ግና ብምሉእ ልቡ : እምነቱ : ተስፋኡ : ኣብ ኣምላኽ ስለዝገበረ እዩ ። ንሕና ድማ ብምሉእ ልብና እስከ ነዚ ክንገብር ጐይታ ይርድኣና ።

<> <> <>

## ኣርእስታት ጸሎት

ናይዚ ወርሒ ኣርእስታት ጸሎት ክኾነና ዝሕጉዝና : መንፈስ ቅዱስ ክድግፈና ኣብኡ ተወኪልና : በዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ክንነቅሕ ኢና ። እቲ ጸሎት ዝሰምዕ ጐይታውን ኣብ ምዱብ ጊዜኡ ክምልሰልና እዩ : ንሱ ጸሎት ድኹማት ኣይንዕቕን እዩ ።

1. ጽኑዕ ፍቕሪ ንኣምላኽ ክህልወና : እግዚኣብሄር ንልብና ኪመልሶ : ገጽ እግዚኣብሄር ንድለ ። ዘዳ 30.2 , ዘዳ30.6
2. እግዚኣብሄር መንፈሱ ክፍስሰልና : ገጽ እግዚኣብሄር ንድለ ።

“ዎ ኣምላኽ ብመንፈስ ቅዱስካ ንህይወትና ከተበራቶ ንልምን ኣሎና ። ካብ ህይወትና ንኻልኦት ዘርዊ ርባታት ማይ ህይወት ኪውህዝ : ዘይት መንፈስ ቅዱስ ኣባና ይውሓዝ ።”ኢ.ሰ 44:3-5

3. ህላውነት እግዚኣብሄር ኣብ ምድርና ክግለጽ : ገጽ እግዚኣሄር ንድለ ።

   “ዎ ኣምላኽ : ስምካ ኣብዛ ሃገርና ኣኽብሮ ። ንትኣምራትካ ኢድካ ዘርግሕ : ንምፍርራሆም ርኤ ።” ግብ4.30 ኣንብቡ ።

4. ወንጌል መግስቲ ኣምላኽ ብሓይልን ብዝስዕብ ተኣምራትን ኣብ ምድርና ክሰበኽ : ገጽ እግዚኣብሄር ንድለ ። ኢ.ሰ42.6 ።

5. እስከ መምሃራን ክህበና : ገጽ እግዚኣብሄር ንድለ ።

   “ተምሃሪ ኻብ መምህሩ ኣይበልጽን : ተምሂሩ ዝወድኤ ኹሉ ግና ካብ መምህሩ ኣይበልጽን እዩ ።” ሉቃ 6.40 ።

6. ከምቲ ናይ ቀደም ኩሉ ሰብ ንእግዚኣብሄር ክደልን ክምህለልን : ገጽ እግዚኣብሄር ንድለ።

   “ኣብታ ሓንቲ ዚነብሩ ናብታ ሓንቲ ኻልእ ኪኸዱ እዮም እሞ : ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ክንምህለል : ንእግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ከኣ ክንደሊ ንኺድ : ኣነውን ክኸይድ እየ : ኪብሉ እዮም ።” ዘካ8.21 ።

7. ከምቲ ናይ ቀደም ንኣሽቱን ዓበይትን ሰብ ደድሕሪ የሱስ ክጐዩን ክጸምኡን ክደንቑን : ገጽ እግዚኣብሄር ንድለ ።

   ማር 9.15 “ሽዑ እቶም ህዝቢ ምስ ረኣይዎ : ሰምበዱ : ናብኡ ጐይዮም ከኣ ሰላም በልዎ ።”

8. ስለ ኣብ ቤቶም ዝሓመሙ ሰብ : ገጽ እግዚኣብሄር ንድለ ።

   “ንድኻ ዚሓልየሉ ብጹእ እዩ : እግዚኣብሄር ብመዓልቲ መከራ የናግፎ ። እግዚኣብሄር ይሕልዎ ብህይወትውን የንብሮ ። ንሱ ኣብ ምድሪ ብጹእ ይኸውን ። ናብ ፍቓድ ጸላእቱ ኣይተሕልፎን ኢኻ ።” መዝ 41.1-2 ።

9. ጐይታ ካብ ኩሉ ክፉእ ከድሕነና : ገጽ እግዚኣብሄር ንድለ ።

   “ካብ ክፉእ ኣድሕነና እምበር : ናብ ፈተና ኣይተእትወና ።” ማቴ 6.13 ።

10. ብኹሉ ምስጋናን መዝሙርን : ገጽ እግዚኣብሄር ንድለ ።

“መዝሙር ምስጋና ምስ ዘመሩ : ናብ ደብረ ዘይቲ ደየቡ ።” ማቴ 26.30 ። ክብሪ ኹሉ ንእግዚኣብሄር ይኹን : ጐይታ ኣዕዚዙ ይባርኽኩም ።

## ሓደስቲ መጽሓፍቲ







**ነዘን መጽሓፍቲ ንምባብ :** www.good-amharic-books.com **ኢ.ልኩም ኣብ** Tigrinya **ዝብል ብምጥዋቕ ነዘን ካልኦት መጽሓፍትን ከተንብቡ ትኽእሉ ።**

**ኣድራሻና** hibret_christians@yahoo.com
South Africa